# ፖለቲካ'ኮ ስራሕ ናይ ህዝቢ ኢዩ!

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
09.03.2006

## 9ይ ክፋል

1. ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ባዕሉ ብቀጥታ፣ ወይ ነጻ ብዝኾነ መንገዲ ብዝተመርጹ ወከልቲ ኣቢሉ ኣብ ናይ ሃገሩ መንግስቲ ክሳተፍ መሰል ኣለዎ።

2. ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ ሃገሩ ማዕረ ዝኾነ ህዝባዊ ኣገልግሎት ንምርካብ መሰል ኣለዎ።

3. ናይ መንግስቲ ስልጣን፣ መሰረቱ ፍቓድ ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ፍቓድ እዚ ንኹሉ ማዕረን ኣድማሳውን ብዝኾነ ቅኑዕ በቢእዋኑ ብምስጢር ብዝካይድ ድምጺ ምርጫ ዝረጋገጽ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር፣ ንምቛም መንግስቲ ተደላይ ካብ ዝገብሮ ቀንዲ ምኽኒያታት፣ ፍትሕን ሰላምን ምንጋስን ኩሎም ሓባራዊ ጠቕምታት ናይቲ ህዝቢ ውሑሳት ኮይኖም ንምንባር፣ ንምርኣዮምን ንምሕላዎምን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ካብ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መስላት ተጠቒሱ ዘሎ ነጥብታት፣ ብደረጃ ውልቀ-ሰብን ብደረጃ ህዝብን ኣብ ምቛም መንግስቲ ክህሉ ዘለዎ ተራን መሰልን ዝገልጽ ኢዩ። እታ ናይ መላእ ህዝቢ ናይ ሓባር ጠቕምታት ምእንቲ ክረጋገጽ እትቖውም ዘላ መንግስቲ፣ ብፍቓድ ህዝቢ ዝቖመትን ንድሌት ህዝቢ እተማልእን ኮይና ክትርከብ፣ ህዝቢ ብዝተሰማማዓሉ በብእዋኑ ኣብ ዝግበር ምርጫ ከኣ ክትሕደስ ከምዝግብኣ ኢዩ እቲ ሃገረ ኤርትራ ከም ኣባል እትጽውዓሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘውጽኦ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዝገልጽ ዘሎ።

ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ክወጽእ ከሎ፣ ከም መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል መጠን፣ ንኹሉ ኣብ መላእ ዓለም ዝነብር ወዲ ሰብ፣ ሃገሩ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትኹን ኣይትኹን ብዘየገድስ፣ ከም ሰብ መጠን ሰብኣዊ መሰላቱ ንክሕለወሉ ተባሂሉ ኢዩ። ነተን ኣባላት ዝኾና ሃገራት፣ እዚ ኣዋጅ እዚ መታን ተግባራዊ ክኸውን፣ ኣብ ውሽጢ ህዝበን ክገልጸኦን ከባዝሖኦን ኣብ ቤት ትምህርታትን ናይ ትምህርቲ ትካላትን ክምህረኦን ክስርጸኦን ከምዘለወን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓላፍነት ኣሰኪምወን ኢዩ። መንግስቲ ህግዲፍ ግን፣ ነዚ ቅዱስ መትከላት እዚ ክስርጾን ክምህሮንስ ይትረፍ፣ ብዛዕባኡ ንህዝቢ ብሒም ኢሉ ውን ኣየምሎቐን። እዚ ከኣ ስርዓት ኢሰያስ ጸረ-ምኽባር መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ከም ዝኾነ፣ በዚ ኤርትራ ከም ኣባለ ሃገር ሕብረተ-ሰብ ዓለም መጠን ከተተግብሮ ንዝተዋህባ ሰነድ ጸሓይ ከይረኣየ ኣብ ሳንዱቕ ብምሽጋጡ ኢዩ ዝምስክር። ነዚ መሰላት እዚ ተጠቒሞም ሃገር ክትዓብየሉ እትኽእል ሃናጺ ርእይቶ ከቕርቡ ንዝፍትኑ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ንዘርከበሎም ብሞትን ማእሰርትን ቀጺዕዎም። ንከርክበሎም ዘይከኣለ ከኣ ንገለ ካብ ሃገር ክስደዱ፣ ንገለ ድማ ናብ ሃገር ንከይኣትዉ ሓሪምዎም።

ህዝቢ ካብ ንነብሱ ምምሕዳር ንላዕሊ ዝምልከቶ ጉዳይ ኣብ ሂወቱ ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ። ንጉዳይ ነብሱ ዝምልከት፣ ኣገዳሲ ጉዳይ፣ ካልእ ኣካል ከካይደሉ ኣሕሊፉ ክህቦ ዘይብሉ ኢዩ። ናይ ህዝቢ ሱታፌ ኣብ ምቛምን ምክያድን መንግስቲ ከም መሰረታዊ ሰብኣዊ መስል ክቑጸር ዝኸኣለ ውን ነዚ ኢዩ። ህዝቢ ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ክሳተፍ

ኣለዎ ጥራይ ውን ዘይኮነ፣ እቲ መንግስቲ ዝውንኖ ስልጣን፣ ሰፊሕ ዲዩ ጸቢብ፣ ኣብ ድሌት ህዝቢ ዝተሰረተ ክኸውን ዘለዎ ኢዩ። ፍቓድ ህዝቢ ዘይብሉ መንግስቲ፣ ጉዳያት ህዝቢ ናይ ምፍጻም ስልጣን ክህሉዎ ኣይክእልን።

ኣብ ኤርትራ ተቐሚጡ ዘሎ መንግስቲ ብፍቓድ ህዝቢ ኤርትራ ዝተቐመጠ ኣይኮነን። ድሌታት ህዝቢ ኤርትራ ንምምላእ ውን ይዓይ የለን። ነቲ ሃገርን ኩነታት ህዝብን ካብ ሕማቕ ናብ ዝሓመቐ ሃለዋት እናመርሖ ይኸይድ ኣሎ። ብፍቓድ ህዝቢ ዘይመጸ፣ ድሌታት ህዝቢ ድማ ዘየገድሶ መንግስቲ፣ ሃገር ናብ ጥፍኣት እናመርሓ ትም ኢልካ ምዕ ዛብ ጉድኣት ኣብ ገዛእ ርእሰኻን ኣብ ልዕሊ ሃገርካን ምፍጻም ኢዩ። ኣብ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ስልጣን ቦታ ንክቕጽል፣ ፖለቲካውን ሕጋውን ምኽኒያታት ንዘይብሉ ስልጣን ህግዲፍ ተማእዚዝካሉን ተመሪሕካሉን ምኻድ ኣብ ገዛእ ደቕኻን መጻኢ ወለዶን ሕሰምን ጥፍኣትን ምፍራድ ኢዩ። ፖለቲካውን ሰብኣውን ናጽነታቱ ኣሕሊፉ ዝሀበ ህዝቢ፣ ብገዛእትን መለኽትን ሓይልታት ክቕተልን ክእሰርን ክዋረድን ብገዛእ ርእሱ ፍቓድ ዝሃበ ህዝቢ ካብ ምኺን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኩሉ ዓይነት በደል ብመራሕቱ ንክፍጸሞ፣ ኣብ ልዕሊ ነብሱ ዝፈረደ ህዝቢ ጥራይ ኢዩ ክበሃል ዝከኣል።

መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ብመለኽቲ ክጭፍለቕ እንተ ዘይኮይኑ ንህዝቢ ኣይዕደልን ኢዩ። ካብ ህግዲፍ፣ ህዝቢ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ክኽበረሉ ክጽበ ኣይግብኦን። ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ሰርዓትዚ እምነታቱ ብተግባር ብምስሓብ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ መንዚዑ ባዕሉ ከዕቁብ ኣለዎ። ህዝቢ መጨፍጨፊኡን መጽቀጢኡን ዝኸውን ሓገዛት ንጨቆንቲ ካብ ምብርካት ብምቁራጽ፣ ርእሱ ሓራ ዘውጽኣሉ ቃልሲ ከነጣጥፍ ክኽእል ኣለዎ። ገዛእትን መለኽትን ሓይልታት፣ ንህዝቢ ገንዘቡን ጉልበቱን፣ ብጠቕላላ ዝውንኖ ዓቕምን ተጠቒሞም ኢዮም ዝብድሉዎን ዝጭቁንዎን። ስልጣን ህግዲፍ ብዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ኣብ ስልጣኑ ዝቕጽል ዘሎ። ስልጣን ህግዲፍ ከምዝኾነ ስልጣን መለኽቲ ሓይልታት ብህዝቢ ተጼሩ ዝኸይድ ዘሎ ኢዩ። ህዝቢ ሓራዲኡ ጸይሩ ንነዊሕ ግዚያት ክኸይድ ስለዘይትራእየ ግን ዕድመ መለኽቲ ሓይልታት ኩሉ ግዜ ሓጺር ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፣ ህግዲፍ ተጸይሩ ክኸየድ የብሉን። ነቲ ዘይተርፍ ዉድቀት ስልጣን ህግዲፍ ንምቅልጣፍ፣ ህዝቢ ንተቓውሞኡ ናብ ተባልዓይ ባርዕ ክቕይሮ ኣለዎ።

ብፍቓድ ህዝቢ ኣብ ናይ ሃገር ምምራሕ ቦታ ዘይደየበ መሳኺ ጉጅሊ፣ ህዝቢ እናኣዋረደን እናጨፍጨፈን እናኣሳቐየን ንዝኸይድ ዘሎ መንግስቲ፣ ህዝቢ ከም ናቱ መንግስትን መራሕን ክፈልጦ ዘይግባእ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ብቐዳምነት እምነቱ ካብኡ ክስሕብ ይህልዎ። ግደፍዶ ንከም ህግዲፍ ዝኣመሰለ ኣረሚናዊ መንግስቲ፣ ህዝቢ ባዕሉ ንዝመረጾ መንግስቲ ውን እንተኾነ ካብ ዝተዋህቦ መምርሒ ወጺኡ ምስዝረኽቦ ወይ ንጠቕሚ ህዝቢ ክሰርሕ ምስ ዘይርእዮ፣ ህዝቢ ካብ ከምዚ ዓይነት መንግስቲ እምነቱ ክስሕብ ናቱ መሰልን ስልጣንን ኢዩ።

መሳኺ ስርዓት ህግዲፍ፣ ከም ዝኾነ ዲክታትርያዊ ስልጣን ኣሎኹ ንመበሊ ንክኾኖ፣ ኣጋጣምታት ብምፍጣር ዘዳልዎ ናይ ህዝቢ ኣኼባታትን፣ በዓላትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ዝኣመሰለ ኣሎ። ነዚ ኣሎኹ ንመበሊ ንክኾኖ ኢሉ ዘዳልዎ ኣጋጣሚታት ህዝቢ ንኸይሳተፎ ምስ ዝውስን ቀሊል ዝመስል፣ ግን ንዲክታቶርያዊ ስልጣን ዘልምስ ስጉምቲ ኢዩ።

ህዝቢ ብመርገምን ብልመናን ነዚ ኣብ ርእሲኡ ሸሸይ ዝብል ዘሎ መንግስቲ ከልዕሎ ኣይክእልን ኢዩ። “ኣምላኽ ከምቲ ዘምጽኣልና ይውሰደልና” ብማለት ጥራይ ውን እዚ ገፋዒ ስርዓት ካብ ኤርትራ ክጠፍእ ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ጸረ-ሃገርን ጸረ-ህዝብን ዝኾነ መንግስተዚ ብህዝቢ ተጸይሩ ይኸይድ ከምዘሎ ህዝቢ ክግንዘብ ኣለዎ። ብምርዳእ ዲዩ ብዘይ ምርዳእ፣ ብፍርሒ ዲዩ ብጉርሒ፣ ነዚ ንሓደ መዓልቲ ክውዕል ዘይግብኦ ጨቋኒ ስርዓት ከም ዓንዲታት ናይ ገዛ ጠጠው ኣቢልዎ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ሓንቲ ገዛ ብዘይ ዓንዲታት ጠጠው ክትብል ዘይትኽእል፣ ስልጣን ህግዲፍ ውን ብዘይ ደገፍ ህዝቢ ወላ ሓንቲ ደቒቕ ክጸንሕ ኣይክእልን ኢዩ። ህዝቢ ባዕሉ ትንፋስ ሂብዎ፣ ጠጠው

ኣቢሉዎ ንዘሎ መሳኺ ስርዓት፡ ከመይ ጌሩ ካብ ርእሱ ንክለግሰሉ ንካልእ ኣካል ክጽበ ይኽእል? ከመይ ኢሉ ኸ ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ለውጢ ቃልሲ ህዝቢ ተዓዛቢ ይኸውን? ከመይ ኣሉ ኸ ጭቆናን ሕሰምን ውርደትን ኣብ ልዕሊኡ ንክቕጽል ህዝቢ መሳርሒ ናይ ኣሰርቱን ቀተልቱን ክኸውን ይኽእል?
ህዝቢ ኣብ ቀጻልነት ናይዚ መንግስቲ እዚ፡ ሃገር ናይ ምምራሕ፡ ተራ ክህልዎ ከምዘይክእል ክኣምንን ክፈልጥን ኣለዎ። ህዝቢ ነዚ ዝጭቁኖ ዘሎ መሳኺ መንግስቲ፡ ከም ዘይናቱን፡ ከምዘይውክሎን ክፈልጦ ይግባእ። በዚ መሳኺ መንግስቲዚ ተመሪሑን ተኣዚዙን ዝኸደሉ ግዜ ከምዘብቀዐ ብልቡ ክዓግብ ይግብኦ። እዚ እቲ ህዝቢ ክወስዶ ዘለዎ ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ። እቲ ካልእ ስጉምታት ድሒሩ ዝመጽእ ኢዩ። ንዘይናቱ፡ ንዘይወክሎ መንግስቲ፡ ከመይ መተካእታ የምጻኣሉ ህዝቢ ባዕሉ ክበላሓተሉ ዝኽእል መንገድታት ኢዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ መንግስቲ ትሕዞ ጨቋኒ ስርዓቱ ንምድልዳልን ንምቕጻልን ካብ ህዝቢ ዝረኸቦ ዝነበረ፡ ከም ቀንዲ ምንጪ ሓይሊ ጭቆና ዝቔጸር ደገፉት፡ ብምዕባስን ብምንጻፍን ኢዩ እቲ ስራሕ ዝጅምር።

ዝኾነ መንግስቲ፡ ካብ ህዝቢ ብዝርከብ ሰብኣዊ ዓቕምን፡ ገንዘባዊ ሓገዝን ኣእምሮኣዊ ደገፍን ኢዩ ዝነብር። እቲ ፍልልያት ናይ መንግስታት፡ ነዚ ወናኒ ናይዚ ኩሉ ዓ ቕምታት ዝኸነ ህዝቢ ቦታን ግደን ኣብ ምኽባርን ዘይምኽባርን ኢዩ። እቲ ብፍቓድን ተሳትፎን ህዝቢ ዝቖውም መንግስታት ነዚ ክቡር ናይ ህዝቢ ዓቕምታት ኣብ ጠቕሚ ህዝቢ የውዕሎ። እቲ ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ መንግስታት ከኣ፡ ነቲ ካብ ህዝቢ ዝረኸቦ ዓ ቕምታት ተመሊሱ ንመጨፍጨፍን መጨቆንን ህዝቢ ይገብሮ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተመሊሱ ኣብ መጨቆኒኡ ዝውዕል ዘሎ፡ ንምንግስቲ ህግዲፍ ዝህቦ ዘሎ ሰብኣውን ገንዘባውን ኣእምሮኣውን ሓገዝ፡ ምእንቲ ርእሱ ኢሉ ጠጠው ክብሎ ኣለዎ። እቶም ቀንዲ ናይ ህግዲፍ ናይ መጨቆኒ መሳርሒታት፡ ናይ ስለያን ጸጥታን ትካላቱ፡ ብደቂ ህዝብን ብገንዘብ ህዝብን ብኣእምሮ ህዝብን ኢዮም ዝንቀሳቐሱ።

እተን ቀንዲ ሽፈንቲ ክፉእ ስራሓት ሰበ ስልጣናት ህግድፍን፡ እተን ንህዝቢ ኣብ ምትላል ዝነብራ፡ ሓቂ ዘይወጽእን፡ ኣፍ ህዝቢ ዓቢሰን ኣፍ መሳኺ ስርዓት ኮይነን ዝሰርሓ ዘለዋ ራድዮን ተለቪዥንን ጋዚጣን መንግስቲ፡ ብደቂ ህዝብን ብገንዘብ ህዝቢን ዝሰርሓ ኢየን።

እቲ ምስ ኩሉ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ ዝኸፍቶ ትርጉም ዘይብሉ ኲናት ዝጣላዓሉ መንእሰይን ብሚልዮናት ዘጥፍኦ ንብረትን፡ ብሕሳብ ዕብየት ሃገርን ረብሓ ህዝብን ዘባኽኖ ዘሎ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንብረትን ዓቕምን ኢዩ።

ነዚ ኩሉ ከም ኣብነት ድኣ ጠቐስናዮ ምበር ክንደይ ካብዚ ዝገድድ ኣሎ። ሓደ ዋና፡ ብንብረቱ ክግልገል ኢዩ ዝደሊ። ንብረቱ ንኣገልግሎቱ ክውዕል ምስ ዘይሪኦ፡ ወይ ንብረቱ ክጉዳእ ምስዝረኽቦ ግን፡ ኣብ ዋንነቱ ዘለዎ ስልጣን ተጠቒሙ ንዑኡ ዘርብሖ ስጉምታት ክወስድ ግድነት ኢዩ ዝኾኖ። ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ዓቕሙን ንብረቱን ኣብ ዕ ብየቱን ራህዋኡን ከውዕሎ ይግባእ። ነዚ መታን ክበቅዕ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ንብረቱ ዘለዎ ጎይትነት ኣጽኒዑ ክመልኽን፡ ንኣጠቓቕማኡ ባዕሉ ወሳኒ ክኸውንን ይህልዎ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብማንም ዘይዕደሎ ብማንም ውን ዘይክለኦ፡ ከም ህዝቢ ዝተዓደሎ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ኣለዎ። ርእሱ ናይ ምምሕዳር መሰል፡ ጠቕላላ ጉዳይ ሂወቱ ናይ ምምራሕ ውሳኔ ብማንም ክምንጠሎ ዘይክእል ተፈጥሮኣዊ ንብረቱ ኢዩ።ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዚጋ፡ ባዕሉ ብቀጥታ ዲዩ ወይስ ነጻ ብዝኾነ ኣገባብ ብዝተመርጹ ወከልቲ ኣቢሉ፡ ኣብ ናይ ሃገሩ መንግስቲ ክሳተፍ መሰል ክም ዘለዎ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዝገልጾ ኢዩ። ናይ መንግስቲ ስልጣን፡ መሰረቱ ፍቓድ ህዝቢ ክኸውን ከም ዘለዎን፡ እዚ ፍቓድ እዚ ድማ__ንኹሉ ማዕረን ኣድማሳውን ብዝኾነ ቅኑዕ በቢእዋኑ ብምስጢር ብዝካይድ ድምጺ ምርጫ ዝረጋገጽ ከም ዝኾነ ኢዩ ዝፍለጥ። ነዚ መስላትዚ

ጥሒሱ ዝቐውም መንግስቲ፣ ናይ ህዝቢ ስለዘይኮነን ንረብሓ ህዝቢ ድማ ክውዕል ስለዘይክእልን ህዝቢ ክድግፎን ሂወት ክህቦን ዘይግባእ፣ ንምውዳቑ ክቃለሶ ዘለዎ ኢዩ።